

# ሲምበግዊረ



Rukia Nantale

Benjamin Mitchley

Daniel Berhane Habte


tigrinska

nivå 5



ሲምበግዊረ ኣዲኣ ምስሞተት፡ ኣዝያ ሓዘነት። ኣቦ ሲምበግዊረ ንጓሉ ክከናኸን ኲሉ ዝከኣሎ ገበረ። ቀስ ብቐስ፡ ብዘይ ኣደ ሲምበግዊረ፡ ከምቀደሞም ናብራኦም ብሓኈስ ክመርሑ ጀመሩ። ንግሆ ንግሆ ኮፍ ኢሎም ብዛዕባ እታ መዓልቲ መደቦም ይሰርዑ። ምሸት ምሸት ብሓደ ይድረሩ። ኣቕሑ ምስሓጻጸቡ ኣቦ ሲምበግዊረ ዕዮ ገዝኣ ኣብ ምስራሕ ይሕግዛ።



ሓደ መዓልቲ ኣቦ ሲምበግዊረ ዘይከም ልማዱ ደንጕዩ መጸ። “ኣበይ ኣለኺ’ዛ ጓለይ?” ኢሉ ጸውዓ። ሲምበግዊረ ናብ ኣቦኣ ጐየየት። ኣቦኣ ናይ ሓንቲ ሰበይቲ ኢድ ሒዙ ከምዝነበረ ምስረኣየት ድርኽ ኢላ ደው በለት። “ሓንቲ ፍልይቲ ጋሻ ከላልየኪ ደልየ ኣለኹ ‘ዛ ጓለይ። እዚኣ ኣኒታ ትብሃል፡” በለ ፍሽኽ እናበለ።



“ሰላም ሲምበግዊረ፡ ኣቦኺ ብዛዕባኺ ብዙሕ እዩ ዝነግረኒ፡” በለት ኣኒታ። ግና ፍሽኽ ኣይበለትን ናይታ ቈልዓ ኢድ’ውን ኣይተንከፈትን። ኣቦ ሲምበግዊረ ተሓጒሱን ተረቢጹን ነበረ። ሰለስቲኦም ብሓባር ክነብሩ ምኳኖምን ሂወቶም ሕጉስ ክኸውን ምኳኑን ተዛረበ። “እዛ ጓለይ፡ ንኣኒታ ከም ኣዴኺ ክትቅበልያ ተስፋ እገብር፡” ድማ በለ።



ሂወት ሲምበግዊረ ተለወጠ። ንግሆ ንግሆ ምስ ኣቦኣ ኮፍ ኢላ ትዘራረቦ ዝነበረት ተረፈ። ኣኒታ ኣድካሚ ስራሕ ገዛ ከተስርሓ ስለእትውዕል ምሸት ምሸት ዕዮ ገዝኣ ክትሰርሕ ኣይትኽእልን። ድሕሪ ድራር ብቐጥታ ናብ ድቃስ ክትከይድ ጀመረት። እታ ሓንቲ መጻናንዒታ፡ እታ ኣዲኣ ዝሃበታ ሕብራዊት ኮቦርታ እያ ኔራ። ኣቦ ሲምበግዊረ ጓሉ ሕጉስቲ ከምዘይነበረት ከስተብህል ኣይክኣለን።



ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ኣቦ ሲምበግዊረ ንገለ እዋን ካብ ገዛ ኣርሒቑ ክገይሽ ከምዝኾነ ነገረን። “ብስራሕ ክገይሽ ኢየ፡” “ግና ንሓድሕድክን ብጽቡቕ ተሳኒኽን ክትነብራ ከምዝኾንክን እተኣማመን እየ።” በለ። ናይ ሲምበግዊረ ገጻ ጸልመተ፡ ኣቦኣ ግና ኣየስተብሃለን። ኣኒታ ገለ'ኳ ኣይበለትን። ንሳ ውን እንተኾነት ሕጉስቲ ኣይነበረትን።



ንሲምበግዊረ ናብራ እናኸፍኣ ከደ። ስራሕ ገዛ እንተዘይወዲኣቶ ወይ ደኺመ ኢላ እንተኣጕረምሪማ ኣኒታ ትቕጥቅጣ። ኣብ ግዜ ድራር ድማ፡ ንሳ ዝበዝሐ በሊዓ ንሲምበግዊረ ቍሩብ ተረፍ መረፍ ትገድፈላ። ሲምበግዊረ ምሸት ምሸት፡ ነታ ናይ ኣዲኣ ኮበርታ ሓቝፋ እናበኸየት ትድቅስ።



ሓደ ንግሆ ሲምበግዊረ ካብ ድቃሳ ከይተንስአት ኣርፈደት። “ኣቲ ሰነፍ ቈልዓ!” ኢላ ኣኒታ ኣንጸርጸረትላ። ንሲምበግዊረ ካብ ዓራት ጐቲታ ኣውረደታ። እታ ምሒር እትፈትዋ ኮቦርታኣ ኣብ መስማር ተታሒዘት፡ ኣብ ክልተ ድማ ተቐደደት።



ሲምበግዊረ ብጣዕሚ ተናወጸት። ካብ ገዛ ሃዲማ ክትወጽእ ወሰነት። ነታ ዝተቐደደት ኮቦርታ ወሲዳ፡ ገለ መግቢ ቈጺራ ነቲ ገዛ ገደፈቶ። ኣቦኣ ዝኸደሉ መንገዲ ተኸተለት።




ምስ መሰየ፡ ኣብ ጥቓ ሓደ ሩባ ኣብ ዝነበረት ነዋሕ ገረብ ተሰቒላ ኣብቲ ጨናፍር ድማ መደቀሲ ሰርሐት። ክትድቅስ ከላ ከምዚ ኢላ ኣልቀሰት “ኣደይ ኣደይ ኣደይ ገዲፍክኒ። ገዲፍክኒ ኬድኪ ኣይተመለስክን ድማ። ኣቦይ ደጊም ኣየፍቅረንን እዩ። ኣደይ መዓስ ኢኺ ክትመጺ? ሓዲግክኒ ኬድኪ።”




ንጽባሒቱ ንግሆ ሲምበግዊረ ነታ ልቕሶ እንደገና ደገመታ። እተን ኣንስቲ ክዳውንተን ክሓጽባ ናብቲ ሩባ ምስወረዳ፡ ነታ እተሕዝን ቍዘማ ካብታ ነዋሕ ገረብ ክትመጽእ ሰምዓኣ። ንፋስ ነቲ ኣቝጽልቲ ኣንቀሳቕሱ ሽውሽው ዘብሎ ዝነበረ መሲልወን፡ ሱቕ ኢለን ስርሐን ቀጸላ። ሓንቲ ካብተን ኣንስቲ ግና ጽን ኢላ ነታ ልቕሶ ሰምዓታ።



እዛ ሰበይቲ ናብታ ገረብ ንላዕሊ ጠመተት። ነታ ቈልዓን ነቲ ዝተቐደደ ኮቦርታን ምስረኣየት፡ “ሲምበግዊረ፡ ጓል ሓወይ!” ኢላ በኸየት። እተን ካልኦት ኣንስቲ ምሕጻብ ክዳውተን ገዲፈን ንሲምበግዊረ ካብታ ገረብ ክትወርድ ሓገዝኣ። ኣሞኣ ነዛ ንእሽቶ ቈልዓ ሓቚፋታ፡ ከተጸናንዓ ድማ ፈተነት።



ኣሞ ሲምበግዊረ ናብ ገዝኣ ወሰደታ። ንሲምበግዊረ ምዉቕ መግቢ ሃበታ፡ በታ ናይ ኣዲኣ ኮቦርታ ጌራ ድማ ኣብ ዓራት ከደነታ። እታ ምሸት ሲምበግዊረ ክትድቅስ ከላ በኸየት። እንተኾነ ግና ናይ እፎይታ ንብዓይ እዩ ዝነበረ። ኣሞኣ ክትከናኸና ምኻና ትፈልጥ እያ።



ኣቦ ሲምበግዊረ ገዛ ምስተመልሰ፡ ክፍላ ጥርሑ ጸንሖ። “እንታይ ኣጋጢሙ ኣኒታ?” ክብል ብስንባደን ጓሂን ሓተተ። እታ ሰበይቲ፡ ሲምበግዊረ ከምዝሃደመት ነገረቶ። “ከተኽብረኒ ደልየያ፡” “ግና ምናልባት ኣዝየ ተሪረያ እኸውን እየ።” ድማ በለቶ። ኣቦ ሲምበግዊረ ገዛ ገዲፉ ናብቲ ሩባ ገጹ ከደ። ንሲምበግዊረ ርእያታ እንተኾነት ክሓታ ናብ ዓዲ እንዳ ሓፍቱ ቀጸለ።



ሲምበግዊረ ምስ ደቂ ኣሞኣ እናተጻወተት ከላ ኣቦኣ ናብኣ ገጹ ክመጽእ ካብ ርሑቕ ርኣየቶ። ሓሪቑ ከይከውን ፈርሐት፡ ስለዚ ንኽትሕባእ ናብቲ ገዛ ኣተወት። ኣቦኣ ግና ናብኣ ቀረበ፡ ከምዚ ድማ በላ፡ “ሲምበግዊረ፡ እታ ዝበለጸት ኣደ ረኺብኪ ኣለኺ። ሓንቲ ተፍቅረክን ትርደኣልክን። ብኣኺ እኾርዕ እየ አፍቕረኪ ድማ እየ።” ብድሕሪኡ፡ ሲምበግዊረ ክሳብ ዝደለየቶ ግዜ ምስ ኣሞኣ ክትቅመጥ ተሰማምዑ።



ኣቦኣ መዓልታዊ ይበጽሓ ነበረ። ኣብ መወዳእታኡ፡ ምስ ኣኒታ መጸ። ኣኒታ ንሲምበግዊረ ብኢዳ ሒዛ፡ እናበኸየት፡ “ይቕረ በልለይ ‘ዛ ጓለይ፡ ተጋግየ እየ፡ ሓንቲ ዕድል ሃብኒ በጃኺ?” በለታ። ሲምበግዊረ ናብ ኣቦኣን እቲ ዝተሻቐለ ገጹን ረኣየት። ሽዑ ቀስ ኢላ ናብኣ ገጻ ቀረበት ሕቘፍ ድማ ኣበለታ።



ኣብታ ዝሰዓበት ሰሙን፡ ኣኒታ ንሲምበግዊረ፡ ምስ ደቀ’ሞኣን ኣሞኣን ናብቲ ገዛ ንምሳሕ ዓደመተን። ከመይ ዝበለ ድግስ’ዩ! ኣኒታ ኵሉ እቲ ሲምበግዊረ እትፈትዎ መግብታት ኣዳልያ ነበረት፡ ኵላቶም ድማ ክሳብ ዝጸግቡ በልዑ። ሸዑ እቶም ቈልዑ ተጻወቱ እቶም ዓበይቲ ድማ ኣዕለሉ። ሲምበግዊረ ሓኈስን ትብዓትን ተሰምዓ። ምስ ኣቦኣን ሰይተ-ቦኣን ክትነብር ብቕልጡፍ ከይደንኈየት ናብ ገዝኣ ክትከይድ ወሰነት።

# Sagor för barn på svenska

berattelser.se

## ሲምበግዊረ


Skriven av: Rukia Nantale
Illustrerad av: Benjamin Mitchley
Översatt av: Daniel Berhane Habte



Denna saga kommer från African Storybook (africanstorybook.org) och vidarebefordras av Sagor för barn på svenska (https://berattelser.se/), som erbjuder sagor på många språk som talas i Sverige.

Detta verk är licensierat under en Creative Commons
Erkännande 3.0 Internasjonal Lisens.